እዚ ኣባይናስ ክጽብቅ እቲ ዕድሉ ኩሉ እቲ ዝደልዮስ ይኾነሉ

ወርሒ መጋቢት ምስ ኩሉ ክስተታ ማለት ጽቡቁን ሕማቁን ሓሊፉ ናብ ወርሒ ማዝያ ኣቲና ኣለና። ካብቲ ጽቡቅ ናይ ለብዘመን ወርሒ መጋቢት ንተራን ቃልሲን ዋዕሮታት ተቃለሰ ኤርትራውያን ደቅንስትዮ ኣንጻር ድርብ ጭቆና ዝሓለፈን ዝሎን ብውዕውዕ መንፈስ ቃልሲ ኣብ ድያስፖራ ዝርከባ ደቅንስትዮ ዝተዘከረላ ኮይና እያ ሓሊፋ። ሕጅ ድማ ብዝልዓለ መንፈስ ቡዙሓት ሰብ ሞያ ኣሓት ደቅንስትዮ ብሞያዊ ተሞክርእን ኣብ ዚ ትንፋስ ዘይህብ ግዜ ሞየእን ንህዝብና ንምድሓን ስለምታ ዓይነንን ዘቤታውይ ስርሐንን ወንዚፈን ዝገብርኦ ዘለዋ ሞያዊ ኣስተምህሮ ኣዘየ የመስግነን። እዚ ድማ ሎሚ ከም ትማሊ ኣብ ጎኒ ህዝብና ደው ከም ዝብላ መርኣያ ንዘኣተውኦ መብጽዓ ብተግባር ዘርኢ እዩ። ሎሚ እውን ቀለስቲ ናይ ፍትሒ ከም ዝኾና መጠን ዓወትን ፍትሕን ጎዶሎ እዩ ብዘይ ዕዙዝ ተሳትፎ ናይ ኣሓት ደቅንስትዮ። ስለዚ ዓወት ንዕዙዝ ፍትሓዊ ተሳትፎ ቃልሲ ደቅንስትዮ ኤርትራ እናበልኩ ናብቲ ዝጋጥም ዘሎ ሕማቅ ክሰገር።

ኣብ ሃገርና ዝሰረተ ኣጽናቲ ስርዓት ኮሮና 91 ሃጸይ ልጅ ኢሰያስን ምስ ዚ ንዓና ተደራቢ ዝኾነና ኣብ ዓለምና ምስፍሕፋሕ ተላጋቢ ሕማም ኮቪድ 19 ኣዝዩ ዘሕዝን ኣጋጣሚ እዩ። እንተ ኾነ ግን ኑዮም "ንውልቀ መላኺ ልጅ ሃጸይ ኢሰያስ ክሳብ መን ምኻኑ ክርድኣዎ ግዜ ክወስደሎም እዩ ንዝብል ለበዋ ጽሑፍ" ቢተወደድ ናይ ቀድሚ 28 ዓመት ከመይ ኢልና እሞ ክንሰግር፤ ኣብ ዚ ብርሃን ቀትሪ ክሕደትን ዕንወትን ኣብ ህዝብናን ሃገርናን ዝፍጽም ዘሎ ሃጸይ ልጅ ኢሰያስ ንኽርድኡ ገና ግዜ የድልዮም ኣሎ። ምኽንያቱ ካብ ሃጸይ ልጅ ኢሰያስ ንሃገርና ዝጠቅም ሰብ ኮይኑስ ብዛዕባ ዘዕንዋ ዘሎ ሃገርና ቀዳምት ሂቡ ብዓይናም ንዝርኣይዎ ዘለው ክግልጸሎም ኣብ ዚ ግዜ ዝጽበዩ ምህላዎም እዩ። እዚ ድማ ልዕሊ ማንም ቃላት ቢተውደድ ንዕኦም ይምልከት። እሞ ኽኣ ካብ ገለ ደለይቲ ፍትሒ ውን እንተ ኾነ ሃጸይ ልጅ ኢሰያስ ነታ ሃገርይ ኢሉ ዝሓልማ ዓባይ ኢትዮጵያ ቃዳምነት ሂቡ ሃውቲቱ። በዚ ድማ ስዓብቱን ተደንገጽቱን ከይ ተረፉ ዝተቐጥዑ ከም ዘለው ውጺኢት ምህውታት ናይ ውልቀ መላኺ ሃጸይ ልጅ ኢሰያስ ኣረጊጹልና ኣሎ። እቶም ፍትሒ ጠፊኡ ኣሎ ንብል ኣጸቢቅና እሞ ነስተውዕል ካብ ምስ ዚ ኑፋስ ስርዓት ኮሮና 91 ህግደፍ ካብ ንህውትት። እንተ እቲ ምስኡ ምህውታትና ኣብዛ ዓመት ዝቀጽለ እንበር ዝጀመረ ከምዘይ ኮነ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ነገሩ ግን ካብ ምስላ ኣቦታት ዝሓልፍ ኣይኮነን። "ካብ ጉይይ ምውዓል ክሳድ ምሓዝ" እዩ ክኸውን ዘለዎ ነገሩ።

ስለዚ ኣብዛ ዓመት ዝቀጸለ ገለ ምህውታትና ዝበልኩወን ነጥብታት እሞ ንመልከት፤

- ካብ ዚ ውልቀ መላኺ ሃጸይ ልጅ ኢሰያስ ስርዓት ኮሮና 91 ህግደፍ ንምንታይ ቀዳምነት ብዛዕባ ሃገርና ሂቡ ዘይሃውተተ ዝዓይነቱ ሕቶ ክሕተት ትሰምዕ። ወይ ጉድ!! እቲ ሕቶ ናይ ደላይ ፍትሒ ክኾነ ዘለዎ ቀዳምነት ብዛዕባ ሃገርና ዝዛረብ ወልቀ መላኺ ድዩ ዘድልየና ዘሎ፧ ንዝብል ሕቶ ኣብቲ ቁንዕ መልሲ ኣድሂበ ጥራይ ኣይፋሉን! እዩ እቲ ሓጺርን ቁጡዕን መልሲ። እንበር ቀዳምነት ብዛዕባ ሃገርና ሂቡ ዝህውትት ኮሮና 91 ውልቀ መላኺ ሃጸይ ልጅ ኢሰያስን ንዕኡን ንስርዓቱን ዘሳስዩ ኣይኮነን ዘድልየና ዘሎ። ስለዚ ድማ ቀዳምነት ኮሮና ውልቀ መላኺ ሃጸይ ልጅ ኢሰያስ ምስ ስርዓቱ ኽጠፍእ ጥራይ እዩ ዘለዎ።
- ሕጂ እውን እንተ ኾነ ገለ ኣብ ድያስፖራ ዝነብሩ ኣሕዋት ኤርትራዉያን ንምንታይ "ኮሮና ፕረሲደንት ኤርትራ ኢሰያስ ኣፍወርቂን ደቂ መዛምርቱን" ዝኾኑ ኣብ መስኩት ተለሺዥን ቀሪብ ንህዝቡ ብዛዕባ ነብሱ ኮሮና 91ን ኮቪድ 19ን ዘይዛረብን ወይ እውን ዘይዛረቡ ክብሉ ንሰምዕ ኣሎና። እዚ ውን ኣዝዩ ዝደንጹ ትጽቢት ቀባጸት ኣልቦ ሕልና ኣብ ልዕሊ ውልቀ መላኺ ሃጸይ ልጅ ኢሰያስን ስርዓቱን ዘርኢ እዩ።

- እቲ ኣዘዩ ዘገርም ድማ ንሕና ሰብ ጉዳይ ክንሰና ኑዮም ክፋል ስርሑም ኮይኑ ዝዋስኡ ማሕበረ ሰብ ዓለም ምጽባይናን እዩ። መጸዋዕታ ንወኪል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንመንግስቲ ኤርትራ ብህጹጽ ኩሎም ናይ ፖሎቲካን ብዕድመ ዝደፍኡን እሱራት ... ወዘተ ክፍትሑ ጸዊዖም እናተባህለ ከይሓነክና ነቃልሑ ኣሎ። ኣብዚ ውን ደው ኣይብልናን ንዓኣቶም ንስርሑም ተፈላጥነት ብብርዕና ክንዋሳእ ምፍታና እዩ። ክንዮ ምስላ ኣቦታትና ገይርናየ። "ትሓጓማይ እንክሎስ ትሓዛይ ይጠርጥ" ይብሉ። እንተ ሎሚ ግን ንሕና ብቀንድ ነገሩ ናይ ተሓጓማይ ቃንዛ ህዝብና ንጎኒ ዲፍና ናይ ቶም ትሓዝቲ ሓጓማይ ስርሑም ኮይኑ ዝዋስኡ ዘለው ጉዳይ ኮይኑ እዩ ዝስምዓና ዘሎ። እዚ ክብል እንከለኹ ገለ ኣባላት ሕብረተ ሰብና ኣብ ድያስፖራ ዝኸበር ንኮቪድ 19 እንበር ንኮሮና 91 ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ ግን ባህሪኡ ኣይፈለጥዎን ዘለው ኣብ ምባል ትብጽሕ። ምኽንያቱ ስርዓት ኮሮና 91 ዝኾነ ህግደፍ ን30 ዓመት ዝገበሮ ግፍዓዊ ሰቃይ ኣብ ልዕሊ ህዝብና መዐየሪ ዘይብሉ ክንሱ፤ ዝርኢ ዞሎ ግን "ላም ብኢዳ ዝቀርባስ ብእግራ ትሓክኽ" እዩ ዝኽውን ዘሎ። ነዚ ኮሮና ስርዓት ህግደፍ ዝሰምዕ ኮይኑስ ብምእካብ ፈርማታት ንኡሱራት ክፍትሑ መጽዋዕ ግን ንሰቃይ ህዝብና ጓና ምኻን እዩ። ኮሮና ህግደፍ ይትረፍ ኡሱራት ክፈትሕስ ቀቅድሚ ምውሻብ (ምዕጻው) ኣብ ቤትካ ተኸሲቱ ዞሎ ሸግር ኮቪድ 19 ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ጹንዕ ግፋ ኣካይዱ ነይሩ። ካብ ጹኑዕ ግፋ ንምምላጥ ግዳይ ስግረ ዶብ ዝኾነ መንእሰያትና ውሑዳት ኣይኮኑ። ገለ ሰብ ዕድል ካብ ግፋ ኣምሊጦም ዶብ ዝሰገሩ ዘረባ "ካብ ኮሮና 91 ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ ሲ ኣምሊጥና ኣሎና። ካብ ኮቪድ 19 ከኣ ከም ዓለምና" ኣብ ምባል ይርከቡ።

- ኮሮና ሃጸይ ልጅ ኢሰያስ ኣበይ ኣሎ፧

እቲ ዘገድስ ሕቶ ህላው ናይ ኮሮና 91 ሃጸይ ልጅ ኢሰያስ ኣበይ ምህላው ድዩ፧ እዚ ውን ሓደ ካብቲ ጓል መንገዲ ኣንጻር ድሌት ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። እዚ ማለተይ ግን ንገለ ውሑዳት ሰባት ክንዮ ፈረስ ሰረገላ ዘቀድሙ ፍጹም የለውን ኣይብልን። እቲ ንጹር ጉዳይ ዕላማና ሓደ ፍትሓዊ ህዝባዊ መንግስቲ ብግብሪ ኣብ ሃገርና ምትካል እንበር ኣብ ህላው ናይ ኮሮና 91 ሃጸይ ልጅ ኢሰያስን ስርዓት ህግደፍን ዝተሞርኮሰ ወይ ውን ጉልባቡ ዝቀለዐን ዘይቀለዐን መታካእትኡ ምምጻእ ፍጹም ኣይኮነን ።

ንመልኩው ዝሓለወ ፈርማ ምእካብ ብልቢ ከም ህዝበይ ዝቀበሎ ፍትሓዊ ብምኻኑ ድማ ኣነ ውን ዝዋስኣሉ እዩ። እንተ ኾነ እዚ ሕጂ ንሃገርና ኣመልኪቱ ዝረእ ዘሎ ግን መልክዑ ዝስሓተ እዩ። ኣብ መብዛሕትኡን ሃገራት ቡብዝለወን ውሽጣዊ ሕግታት ቁጽሪ ዓቀን ፈርማ ዝእከብን ዝክተልኦን መስርሕ ብኽፈል ዘይ ተመሳሳልነት ክህልዎ ይኽእል እዩ። እንተ ዝይኮነ ሓደ ቁቡል መስርሕ ጥርዓን ቀጥታዊ ኢድ ካብ ስልጣን ቤት ፍርዲ ከይሓለወ ናብ ዝምልከቶም ሰብ መዚ መንግስቲ ተቅርበሉ እዩ። እዚ ድማ ቁብል ምትእትታው መስርሕ ቤት ፍርዲ ከይሓለፎ ናይ ግብረ ሰናይ ፈርማታት ኣኪብካ ይግባይ ጥርዓንካ ተቅርበሉ ቁብል መስርሕ ናይ እተበደለ ዝስምዓሉ እዩ። እሞ ነዚ ዝኾነ ስርዓት ኣብ ሃገርና ኤርትራ ኣሎ ድዩ፧ ወይስ ካልእ ኣብዛ ንነብራ ዓለም ኣነ ዘይፈልጣ ሞኽሲ ሃገርና ዝኾነት ኤርትራ ትብሃል ሃገር ኣላ ድያ፧ ነዚ ተመሳሳሊ መስርሕ ናይ ዘን ሃገራታ ተኽቲላ ንዘለዋ እሱራት ክትፈትሕ ትጽቢት ተገይሩላ ፈርማ ክእከብ ዝሕተተላ ዘሎ። መን ሃገር ድኣ ኣላ፧ ኢለ ዘይምድንጋረይ ከውሕስ ድማ ኣብ ጎግል (Google) ኣትየ እንተ ፈተሽኩ ግን ናይ ተመሳሳሊ ስም ዘለዋ ሃገር ዘይኮነት ሓንቲ ግሪኻዊት ከተማ Eretria ትብሃል ኣብ ገምገም ባሕሪ እተደኮነት ረኺበ። ኮይኑ ግን እዚ ዝሕተት ዘሎ ፈርማ ንዓኣ ውን እንተ ኾነ ፍጹም ዝምልከት ኣይኮነን። ኮይኑ ተሪፉ ኡሱራት ብዘይ ፍርዲ ዝሕየሩላን ብኡሱራት ዝዕለቕለቀት ሃገር ኣብ ዓለም እንኮ ሃገር ኤርትራ ሃገርና እያ። እሞ ኸ ኣብ ሃገርና ኣብ ዘ ንቡር መንግስቲ ዝተሓረመላ መዋእል ዕድመ ሃገርና ካብ ዜጋኣ ዘይትጽበዮ ስራሕ ንና ኡሱራትና ብፈርማ ክፍትሑ ምጽዋዕ ግን እንታይ ንበሎ፧ እዚ ሎሚ ዝርኢ ዘሎ ጻዊዒት YouTube facebook ንምፍታሕ ኡሱራት ግን ኣብ ዘይሰምዓካ ደብሪ ምምህላል እዩ። ኣብ ስርዓት ኮሮና 91 ህግደፍ ኮይንካ ንኮቪድ 19 ምምካት ግን ንዓቅሚ ባህሪ ስርዓት ህግደፍ ንዘየላለየ ውልቀ ሰብ ኮነ ውድብ ቃልስኻ ናብ ጓል መንገዲ ምልጋስ እዩ። ዓርባዕተ ነጥቢ!! በሉ ነስተውዕል እሞ "ከብቲ ምስ ሓራዲኤን ማይ ይሰትያ" እዩ ነገሩ። ህዝብና ብምሉኡ ብኮሮና ስርዓት ህግደፍ ምእሳሩ ሓድሽ ዝኾኖ ሰብ ኣሎ ዶ፧ እንተሎ እዚ ሎሚ ኣብ ሃገርና ዘሎ ስርዓት ሓላፍነታዊ ኮይኑ ናይ ፖሎቲካ ኡሱራት ንምፍታሕ ንዘቀረበሉ ፈርማዊ ጥርዓን ክሰምዖ ዝጽበ ሰብን ገለ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራን ጥራይ እዩ። ኣብ ታሪኽ ሃገርና ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኮሮና 91 ህግደፍ መጺእና ግን ፈርማ ኣኪብካ ይግባይ ክትብልስ ይትረፍ መሰል ፍርዳዊ መስርሕ ዝኽተል ትካል ቤት ፍርዲ እውን ፍጹም ዮሎን። እንተ ገለ ውሑዳት ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ግን ኣብ ልዕሊ ባህሪ ስርዓት ኮሮና ህግደፍ መጸዋዕታ ክንብራስ ኣየገርምን ዶ፧ ወይስ ገና ባህሪ ኮሮና 91 ህግደፍ ብሃጸይ ልጅ ኢሰያስ ዝምራሕ ስርዓት ስለ ዘይተረድኦም እዩ ክብል ኣይደፍርን። እቲ ኣንፈት ብሓባር ምስራሕ ጸቡቅ ግን ንብቅዓተን ካብ ጸቡቅ ኣስማት ዝለበስኡ ዝሓልፍ ኣይኮነን ንምባል እዩ ዝዕድመካ። ምኽንያቱ ክሳብ ሕጂ ንባህሪ ስርዓት ኮሮና ህግደፍ ከላልያ ካብ ዘይካኣላ፤ ወይስ ብይምሰል ዝሳላሰል ቃልሲ ሃልይውን እዩ፧

➢ ሓባራዊ መልእክቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ሓባራዊ መልእኽቲ ናብ ህዝቢ ኤርትራ!
ካብ ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ 1 ሚያዝያ 2020
https://unitydemocraticchanges.com/2020/04/04/1308/

ኮሮና 91 ህግደፍ ኣብ ዚ ዝሓለፈ 30 ዓመት ንህዝቢ ኣይኮነን ንንጽህና ኢድ ዝኸውን ማይ ይትረፍስ ንዝሰትዮን ዝምገበሉን ከማን ንጋዳ እዩ ኮይኑ ዘሎ። እቲ ዓንዳሪ መላገጺ መግለጺኣም ድማ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፤ ሓደ ካብ መከላኸሊ ሕማም ኮቪድ 19 ኣእዳውካ ብማይን ሳሙናን ብጽሬት ብምሓዝ፤ ህዝቢ ካብ ዘይተደለየ ምትእኽኻብ ተቀጢቡ ኣብ ገዝኡ ክዕቀብን ክውሸብን ብሞያውያን ዝተመስከረ ፍቱን መድሃኒት እዩ ይብሉ። ኣሸካዕላል ግርንቢጥ ናይ ኮሮና 91 ስርዓት ህግደፍ ግዚኡ ዘሓለፍ ላግጺ ብዓል ሓጎስ ኪሻን የማነ ማንክን እዩ። ንህዝቢ ከይትእከቡ እናበለ ክሳብ ኣብ በረኻታት ባሕሪ እናኸደ መናእሰያት ምህዳን ምግፋፍን እንታይ ንበሎ፤ ንዝተርፈ መንእሰያት ሃገርና ግን ብኸመይ ተጽንዶ ጽብቅ ኢጋጣሚ እዩ ዝኾነሎም ዘሎ። ስለዚ ምሕሳም ንረድኤታዊ ሕክምናን ምዕጻው ናይ ተን ንህዝቢ ዝህባ ዝነበራ ኣገልግሎዊ ትካል ካቶሊካን ጥዕናን ድማ ወፍሪ ዘመተ ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጽናት እዩ።

ኣቤየት ግርም ኢጋጣሚ ንኮሮና 91 ዝኮነ ስርዓት ህግደፍ ድማ ዓቅምና ዝፍቅዶ ሓገዝ ንኮቪድ 19 ምክልኻልን ምፍዋሱን ኣበርኩቶ "ገንዘባዊ ሓገዝ ንህዝብና ንግበር።" ንኮሮና ስርዓት ህግደፍ ግን ኣይምልከትናን እዩ ዝዓይኑ ዘርባ ይባሃል ኣሎ። ኣቤየት ግርም ማይ ዘይጠዓመ ዘረባ ንሕና ናይ ፖሎቲካዊ ዛዕባ ኣይኮንን እንታይ ድኣ ኮቪድ 19 እንበር ይብሉ ገለ ሱኩፋት ሰብ ሞያ። ናይ ቶም ገለ ሕሉፋት ሃገራውያ ኢና በሃልትን ሰዓብቶምን ድማ ካልኣይ የብሉን። "ሰበዳ ኮሮናቫይረስ ዘስዕቦ ጉድኣት ሰሚዑ ዘስቀጠ ኤርትራዊ ከም ንናጽነት ዘየድምጸ እዩ ዝቁጸር። ድሕነት ህዝብና ዓስቢ ሰማእታትና ስልዝኾን በዚ ሰራም ሕማም ሓደ ኤርትራዊ ሂወት ንኸይትሓልፍ ኩሉና ዓቅምና ነወፈ።" ይብለና መሳርሒ ስርዓት ኮሮና 91 ህግደፍ ዝኾነ ዶር ጊደወን ኣባይ። ሞራላውን ኮነ ንዋታውን ገንዘብን ሓገዝ ድኣ ኣብ ሞያ ዘይተሞርኮሰ ቁዱስ ባህሊ ሕብረተ ሰብና እንድዩ። ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ዘንፈ ተመኩሮ ጉዱሳት ኣሕዋት ዶ ከዘንትወልኩም፤ ንእሸቶይ ሓገዝ ብገለ ጉዱሳትን ስኩፋትን እተገብረ ቁርቁስ ምስ ኮሮና 91 ስርዓት ህግደፍ ኣብ 2016 እዩ። እቲ ቁዱስ ሓሳቦም ግን ንእሸቶይ ኣይነበረን። እንተ ኾነ ግን ካብ ስርዓት ህግደፍ ዝርክብ ኣገልግሎት ጥፍኣት ጥራይ እዩ። ስለዚ ድማ ኣዴታትና ብሕጽረት ኣገልግሎት ሕክምና ካብ ግዜ ጥንስን ሕርስን ንዘጋጥመን ዞሎ ሽግር ኣብ ምፍታሕ ዓቅምና ክንገብር ኢሎም ተበጊሶም። በዞም ኣሕዋት ንከባቢ ዓዶም እተገልግል ሓንቲ ኣንብላንስ ሊኢኾም ኣብ ወደብ ባጽዕ በጂሓ ከተብቅዕ ነቲ ኣቀዲሞም ዝኣተውሎም መብጽዓ ነጻ ቀረጽ ተጠሊሞም። ኣብ ውዕሎም ዝይነበረ ቀረጽ እንተዘይ ከፊልኩም ኣይትወጽእን እያ ተባሂላ ንኾባ 9-10 ወርሒ ኣቢላ ኣብ ወደብ ተታሒዛ። ብኽንደይ እዝግዮ እዝግዮ ተዋሂባቶም ኣብቲ ዝበልዎ ድያ ትውዕል ዘላ ግን እንድዒ። እዚ ማለት ግን ክንደይ ናይ ተሌፎን ምድዋልን ደብዳቤ ምጽሓፍን መስርሕ ነይርዎ። ኣብ መጨረሽታ ናይ ዓቅሊጽበት ናብ ኮሮና ሸይረስ ሃጸይ ልጅ ኢሰያስ ከይተረፈ ደብዳቤ ተጻሒፉ ነይሩ። ሎሚ ሚስጥር ኣይኮነን ጉዳይ ኣገልግሎት ዋሃቢት እዛ ሓንቲ ኣምቡላንስ፤ እንታይ ድኣ ኑቲ እናርእየን እናሰምዐን ዝጸመመን ዝዓወረን ገለ ኣይፍለጥን እዩ ክፋል ሓንቲ ዓይናምን ሓንቲ እዝናም ንምኽፋት እንተ ሓገዙዶ ብምባል እየ ጠቂሰያ ዘለኹ። እንበር እቲ ሓቂ ንህዝቢ እናብሉ ንህዝብና ምጽናት እዩ ምስጥር ዕላማ ጓሓላሉ ኮሮን 91 ህግደፍ።

ሓደ ዓቢ ምስጥር ኣብ ኣደባባይ ዝወጸ ግን ብቅዓት ትሑት ዓቅሚ ምምሕዳር ምልኪ ስርዓት ኮሮና 91 ዝስዕቦ ጉድኣት ቡዙሕ እዩ ክንደይ ኢልካ ክጽብጸብ። ምስዚ ናይ ሎሚ ኩነታት ዓቢ ኣርእስቲ ዓቅሚ ቀረብ መድሓኒት ሓደ እቲ ኩሉ ህዝቢ ዓለም ዝፈልጦ ናይ ኣደባባይ ሚስጥር ምሕሳም ሕክምናዊ ሬዲኤት ምስ ምንታይ ይቁጸር፤ ኣብ ዚ ዓለም ለኸ ዘናውጽ ተላባዒ ሕማም ኮቪድ 19 ብስርዓት ኮሮና 91 ሃጸይ ልጅ ኢሰያስ እተገብረ ምስ ባህሪኡ ዝኸይድ ክንሱ ከም ሓድሽ ባህሪ ዘርኣየና ምቁጣዕ ግን እንታይ ኣምጽኡ፤ ህልቂት ደወል ኮቪድ 19 ንገለ ውሑዳት ናይ ፖለቲካዊን ሲቪካዊን ሓይልታት ኤርትራ ግን ኣብ ማንታ ሓሳብን ስክፍታን ወዲቀን ኣሎዋ።

"እዚ ኣባይናስ ክጽብቅ እቲ ዕድሉ ኩሉ እቲ ዝደልዮስ ይኾነሉ" ድያ ዝበለት ግዳይ ማሕዩር ስርዓት ህግደፍ ዝኾነት ገጣሚት ይርጋኣለም ፍስሃየ። ሓቂ ዝኾነ ግጥምታታ ንባህሪ ስርዓት ህግደፍ ዝገልጽ ብምስትንታን እንዳ ኣመስገንኩዋ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኣጸድፍ ድርፎ መእከቢ ጉሓፍ ብልምዲ ሰካሪኮ ዝፍለጥ ብልሓቱ ዘይተፍልጠ ጉሓፍ ተጓሒፉ ነይሩ።

እቲ ዝገርም ህዝብና ብሕጽረት ቀረባት መድሃኒት እንዳተሳቀይ ዘይቡቁዕ ምሕደራ ስርዓት ውልቀ መላኺ ድማ ኣብ መኽዘናቱ ዕለቱ ክሳብ ዝሓልፍ መድሃኒት ከዚንዎ ዝጸነሐ ይቀብር። ብርክት ዝብለ ጽዕነት መኪና ቦጣሕ ዝኸውን ኣብ ድርፎ ብዶዘር ጋህስታት ፍሒሩ ብቑምንቶ ዘብዕጣ መኪና (Mixer truck) ብዝተባዕጠ ቾመንቶ ገይሩ ቀቢሩ ደፊንዎ ዝብል ሓበሬታ ሰሚዐ ነይረ። እዚ ግን ገዚኦሞ ድዮም፤ ወይስ ከም ልማዶም መእከቢ ጉሓፍም ኮይና ጉሒፎምልና ናብ ኤርትራ ተጓሒፉ ኣብ ድርፎ እተቀብረ፤ ናይዚ መቀጸልታ ድማ እዚ ሕጂ ኣብ ዚ ትኣፋፊ እዋን ምሕሳም ናውቲ ሕክምናን መድሃኒታትን ረዲኤት ግብረሰናይ እዩ። ዘመሰግን ሰርዓት ኣብ ሃገርና ካብ ዘይሃለወ በሉ ሓቢርና ኑቶም ዝልግሱ ነመሰግኖም።

እቲ ምስጋናና ድማ ንኹሎም ለገስትን ወሃብትን፤ ረዲኤትን ኣገልግሎትን ዝኾኑ ማሕበራት ካቶሊካውያን ቤተ ክርስትያን ኩሎም መጽወቲ ረዲኤት ዝሃበ እዝጊ ይሃቦ እዩ ነገሩ።

ንህዝብና እቲ ኩቡር ምስጋና ዝኾለእ ስርዓት ኮሮና 91 ህግደፍ ሎሚ ውን እንተ ኾነ ገንዘብ እንበር ሂወቱ ዘገድሶ ኣይኮነን። ነቲ ምእንቲ ሃገር ሂወቱ ዝሃበ ሓርብኛ ህዝቢ ኣበይ ኣሎ፤ ስርዓት ኮሮና ህግደፍ ብሸም ሰውኣትን ድቂ ሰውኣትን ስንኩላትን ዕድሞኦም ሙሉእ ሽቂጦም ቁርባብሽኦም መሊኦምን ኮረሻ መንበረ ስልጣኖም ን 30 ዓመት ኣጣጢሖም ኣለው። በንጻሩ ድማ ሎሚ እቶም ቀዳሞት ስንኩላን ሓርነት ሃገርና ዝኾኑ ን30 ዓመት ኣብ ፍቆድኡ ከተማታት ሃገርና ተደርብዮም ኣለው።

እቶም ገለ ብጽብቅ ምሓዞም ዝግለጹ ድማ ኣብ ትሕቲ መንበሪ መንግስቲ ዝኾነ መዓስከር ቃኘው ኣስመራ ኣብ ኮንቴነርን ብዚንን እተረቅዐ ብብሓደ ብስቃይ ይሓልፉ ኣለው። ኣብ ቲ ዝስዓበ ናይ ዶብ ኩናት ዝስንክሉ ድማ ኣሰር ቃዳሞት ሓርበኛታት ስንኩላን ሓርነት ብተመሳሳሊ ድርብ ስቃይን መከራን ይስዕቡዎም ኣለው። ኣቤት! እዚስ ንመንኮን እዩ ተኸዊልዎ ዘሎ፧ እቲ ዝገርም ንገሊኤና ነዚ መትሓዝን መግለጺን ዘይርከቦ ስርዓት ኮሮን 91 ህግደፍ ኩሉ ግዜ ምስ ሓደሰና እዩ። ብ1990 ወደብ ባጽዕ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓራ ምስ ወጸት ኣብኡ ንዝነበረ ናይ ረዲኤታ ስንቂ ንህዝቢ ኤርትራ ንምዕዳል ስምምዕ ተኾሲ ጠጠው ምባል ዝተገብረ ግዜ ነይሩ። ብቃፍላይ ቀይሕ መስቀል ስንቂ ንምምሕላፍ ኮሪድዮ ንመግቢ ተፈጢሩ ነይሩ። እዚ ድማ ሰልስተ መኽሰብ ነይርዎ። እቲ ቀዳምይ ዕላማ ንንቃለሰሉ ህዝብና ምዕንጋል እዩ። ኣብ ትሕቲ ዚ ድማ እቲ ክልተ ረብሓ ዝሓቐፈ ወትሃደራውን ፖሎቲካውን መክሰብ ኣመዚጊብናሉ ነይርና። እቲ ወትሃደራዊ መኽሰብ ንሰራዊትና ካብቲ ትንፋስ ዘይህብ ውግእ ዝነበረ ዕረፍቲ ብመጠኑ ረኺቡ ነቶም ብመውጋእቲ ንሕክምና ዝወረዱ ሓውዮም ክምለሱ ዕድል ፈጢሩልና ነይሩ። እቲ ዓለማዊ ፖሎቲካዊ መኽሰብ ድማ ነቲ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ መስምስር ደቀምሓረን ሰገንይቲ ናይ ረዲኤት ሰንቂ ዝጸዓና መካይን ቀይሕ መስቀል ብቃፍላይ ኣብ ጉዕዝኡን እንከለዋ ወትሃደራዊ ስንቂ ጸዒነን ብዝብል ጌጋ ሓበሬታ መጥቃዕቲ ተወሲዱለን ነይሩ። እዚ ድማ ኣብ ቃልሰና ሓደ ኣሉታዊ ጽልዋ ገይሩ። እዚ ማለት ናይ ህዝቢ ንብረት ኣዕኒኹም ተባሂሉ ስምና ምስ ግብረ ሽበርውያን ኣብ መዝገብ ሰፊሩ ነይሩ። በዚ ኮርድዮ ንመግቢ ዝተገብረ ስምምዕን ኣብ ባይታ ዝሳዓበን ምዕባለ ድምር ድማ ማሕበረ ሰብ ዓለም ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ግንባር ዝነበሮም መርገጺ ዝቀይር ኮይኑ። ሎሚ ኣብ 2020 ግን ኮሮና 91 ስርዓት ህግደፍ እቲ ብ1990 ዝነበረ ህዝብና ተቀይርዎ ድዩ ረዲኤት ንኸይረክብ ዝእግዶ ዘሎ፧ ኣፋሉን ኣይተቀየረን። እንታይ ድኣ ብርግጽ እቲ ስርዓት እዩ ኣብ ኣሰር ቀዳሞት ገዛእቲ ሲዒቡ ገንዘቦም እንበር ሰቦም ግን ኣየድልየና እዩ ዝብል ተግባራዊ መርገጺ ሒዙ ዘሎ። ንኮቪድ 19 ድማ ከም ናይ 1990 ኮሪድዮ ንመግቢ ዝነበረ ሎሚ ኸኣ ኣብ 2020 ኮቪድ 19 ንገንዘብ ንምኽዕባት ይጥቀመሉ ኣሎ። ነስተውዕ ሓደራ!!

ጽሑፈይ ንምጥቅቃላል ሕጂ እቲ ንጹር መልእኽተይ ትማልን ሎምን ካብ ሂወቱ ክሳብ ንብረቱ ተኸፊላ ዝመጸት ሃገር መገዲ ጥፍኣት ዝመርሓ ዞሎ ስርዓት ካብ ምኽታል ጠጠው ምባል እዩ። ከም እውን ኣብ ምሉእ ዓለም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝነብርን ኣብ ደገ ተስዲዱ ዝነብር ዘሎን ህዝብና ኣንጻር ህግደፍ ዘይጸንድ ሃገራዊ ተወፋይነት ዝርእዮ ኣዝዩ ዝምስገን እዩ። ብጀካ እቶም ብጸቢብ ዓሌትነትን ኣውራጃን ሃገር ዝመስረቱ ስልጣን ህግደብ ብሕልሚ ዝምንዝዑን ገዲፍካ። በንጻር እዚ ድማ ብፍላይ እቶም ኣብ ምሓውር ስርዓት ህግደፍ ትርክቡን ከም እውን እቶም ሳዓብቶምን ነዚ ካብ ማንም ግዜ ኣብ ሃገርና ዓለምናን ኣዝዩ ትኣፋፍን ኣሻቃልን ወቅቲ ንህዝብና ምጽናት እጅግኡ ዝሰብሰብኩም ኣይምሰልኩም እንበር መሕነቂኹም ገመድ ኢኹም ዝተታዕኩም። ምኽንያቱ ናይ ህዝብና ሓርነታዊ መስል መንዚዕኩም ን30 ዓመት ከይ ኣኸለኩም ኣብዚ ህልው ተነቃፊ ወቅቲ ድማ ካብ ግብረ ሰናይ ንእተልገስ ናውታዊ ሕክምና ረዲኤት ንኸይረክብ ምሕሳም ማለት ንኽይረክብ እተጻወትክሞ ንዓናን ዓለምን ዝገርመ ታሪኻዊ ወንጀል እዩ። መቸም ምባል ዓገብ ከስምዕ ይኽእል እዩ። እንተ ኾነ ግዜ ህግደፍ ዘየብል ኣይኮነን። እዚ ግን ከም ወዮ ምስላ ተሓሳሚ ጓሳ ምሱሑ ዝበልካዩ ድራኩ ይኸውን ዝብል ምስላ ነቲ ብግቡእ ዋሪቱ ሒዙ ምሸት ገዝኡ ዝኣቱ ምኻኑ እዩ። ብኣንጻሩ እዚ ኮሮና 91 ስርዓት ህግደፍ ንህዝቡ ዝብትንን ዘጥፍእን ምኻኑ ምዝንግያም እዩ ዘገርም። ኣብዚ ከይተሓጽሩ ንህግደፍ ምስ ኩራ ጓሳ ሓደ መሲሉ ዝርኣዮም ዘሎ ገለ የውሃት ኣሕዋት ኣለውና። እዚ ብዓል ጸጋ ቻይናዊ ጃክማ ካልኣይ ዙርያ ምጽወታ ኣብ ቅርኒ ኣፍሪቃ ጀሚሩ ኣሎ ክልቲኡ ደሚሩ ዶ ኾን ይህበና ይኸውን ኩብሉ ትሰምዕ። እቲ ምጽውትና ነቶም ልቦም ዘንቀሎ ምስ ኩነታት ሙቀት ጽሓይ ዝልወጥ ኣይኮነን። ካብዚ ሓሊፉ ብገለ መራሕቲ ሃገራት ምጽውትና ንብቁጥባ ዝደኸማ ሃገራት፤ ኣብ ቅልጽሞም ዝተሞርኮሰ ንክኸውን ግዜ ዝሃቦም ብዓል ፕረሲደንት ትራምፕ ድማ ትርግፃ ልብኹም ንዓና ዝሰምዕ ኣይኮነን ብምልባል ዝገብርዎ ደገፍ ጠጠው ኩብልዎ ንርኢ ኣሎና። ሰለዚ ካብዚ ክልተ ተርእዮ ኣበይ ክንሀሉ ኣሎና፧ እቲ ክኸውን ዘለዎ መንገዲ ኣብ ጥፍኣትን ልመናን ዘውደቀና ዕላማ ስርዓት ኮሮን 91 ህግደፍ ኣብ ምጥፋእ ኣድህቦና ካብ ማንም ግዜ ካብ ጓል መንገዲ ወጺእና ንህላወና ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ንበገስ።እቲ ብዚጋዊ ዓቅሚ ዝብርክት ታሪኽና ከም ዘነጽሮ መዳራግቲ ኣልቦ ካብታ ምተካእታ ዝይርከባ ሂወት ምብጃው ክሳብ ኣጆኻ ዝብል ሞራል ዝህብ ስንቅን እዩ። ኣኸለ ክንዩኡ ምዝራብ ግን ምብልሻው ጥራይ እዩ ዝኸውን። ካብ ዚ መሰረት ጌርና ድማ ኣብ ጓል መንገዲ ካይኣተና ነቲ ጠንቂ ጥፍኣትና ዝኾነ ኣባይና ስርዓት ኮሮና 91 ህግደፍ ዕሚሪ ኣብ ምሕጻሩ ሰሚርና ንጉየ።

ዓወት ንውጹዕ ህዝብና
ጥፍኣት ንኮሮና 91 ስርዓት ህግደፍን
ኮቪድ 19ን

ሰሎሞን የውሃንስ